# ደምዳሚ መግለጺ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ዲሞክራስያዊ ግንባር ብሄራት ኤርትራ (ዲግብኤ)

**መእተዊ፣** ፈጻሚት ኣካል ዲሞክራሲያዊ ግንባር ብሄራት ኤርትራ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ኣካይዱ። እዚ ካብ ዕለት 3-5/09/2010 ኣብ ዘሰላሰሎ ኣኼባ ንዓበይቲ ሃገራውያን ዛዕባታት ልዑል ሚዛንን ክብደት ሂቡ ገምጊሙ። ከም ውጽኢቱ ድማ ትስፉ ሃዋሁን ኸቢድ ቃልሲን ከም ዘጽበዮ ኣሚቱ። ኣብዚ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ምይይጥ ኣብ ታሕቲ ዝተትንከፉ ዛዕባታት ብምልዓል ብሩህ ስኢሊን ትልሚን ነዲፉን።

**ሃገራዊ ኩነታትን ስርዓት ህግደፍ፡-** ሃገርና ኤርትራ ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነትና ብሰንኪ ድኽመታት ስርዓት ህግደፍ እዋናዊን ርትዓዊ መልሲ ክረኽቡ ዝግብኦም ሃገራዊ ሕቶታት ሚዛን ብዘይምርካቦም ኣብ ዓቢ ቅልውላው ተሸሚምና ምህላውና ብምግንዛብ ስርዓት ለውጢ ጠለብ ህዝብን ዋኒን ኤርትራ ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ። ህዝቢ ኤርትራ ከአ ሱር-ብተኽ'ምበር ጽገናዊ ለውጢ ከም ዘይጻወርን ስርዓት ህግደፍ እውን ብዝኾነ መንገዲ ነፍሱ ናይ ምትዕርራይን ናይ ምጽጋን ተኽእሎታት ጸቢብን ዕጹው ከም ዝኾነ ፈጻሚት ኣካል ዲግብኤ ገምጊሙ። ዘሎ መማረጺ ንሱር-በተኽ ለውጢ ምርብራብ ከም ዝኾነ'ውን ኣሚኑ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥሜት፣ ብርሰትን ዓጸቦን ሓድነታ ዝሰጠመት ሃገር ንምርግጋጽ እንተኾይኑ ምእላይ ስርዓት ህግደፍ ክቅየርን ዳግመ ርእይቶ ክግበር ዘይግባእ እንኮ መማረጺ ከም ዝኾነ'ውን ኣስሚሩሉ። ነዚ ንምትግባር ህዝቢ ኤርትራ ካብ ወትሮኡ ንላዕሊ ነፍሱ ብምውዳብ ንለውጢ ክብገስ ከም ዝግባእ'ውን ብምእማን ጻውዒት ኣቅሪቡ።

**ኩነታት ዲግብኤን ብሄራዊ ውዳቤታትን፡-** መርሕ ግንባር ብሄራት ዝኾነ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ብሄራት ኤርትራ መስራቲ ጉባኤ ካብ ዝገብር ኣትሒዙ ዓበይቲ መድረኻት ኣዳሊዩ ካብዚ ትጽቢት ዝተገብረሉ ኹሉ ብምፍጻም ተርኡ ተጻዊቱ። ኣብ ወርሒ ሰኔ 2010 (ኣብ ዓመቱ) ብዓይነት ፍልይ ዝበለ ዋዕላ ናይ ብሄራት ወዲቡን ኣሰላሲሉን። ኣብ ኤርትራ ብሄራዊ ወጻዕ ርኡይን ዝጭበጥ ሓቂ ከም ዝኾነ ብመጽናዕቲታት ብምስናይ ዕውትን ኣድማዒ ዝኾነ ዋዕላ ኣኻይዱ። ኣብዚ ዋዕላ ዝተሳተፉ ብሄራውያንን ሕብረ ብሄራውያን ውድባት ኣብ መንጎኦም ዝጸንሔ ዘይምቅርራብ ብምውጋድ ብሓባር ንክቃለሱ ጽቡቅ ናይ ቃልሲ መንፈስ ፈጢሮም። ኣብ መንጎ ናይ ብሄር ውድባት ከአ ናይ ዓላማን መትከላዊ ሓድነት ዘሎዎ መስመር ሒዞም ንክቃለሱ ዝተሰማማዓሉን ዝተበገሱሉን ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ'ውን ብሓደ ልሳን ንምእታው ዝተሰማማዓሉ ባይታ ኣንጺፎም እዮም። ካልኦት ብሄራዊ ውዳቤታት መስራቲ ጉባኤታቶም ንክገብሩ ብጻያዊ ምድግጋፍ ንምግባር ቃል ዝኣተወሉ መድረኽ'ውን ነይሩ እዩ። ብሄረ ትግርኛ'ውን ተወዲቦምን ምስ ካልኦት ብሄራዊ ውድባት ኤርትራ ሓቢሮም እንተዘይተቃሊሶም ሓንቲን ስጥምትን ሃገርና ኤርትራ ንምርግጋጽ ኣጸጋሚ ከም ዝኾነ ብምርዳእ ንቃልሲ ክብገሱ ፈጸሚት መርሕነት ዓዲሙ። ስለዝኾነ ድማ ብሄራውያን ውዳቤታት ዘካይዱዎ ዘሎው ንጥፈታት ብምግምጋም ብሄራዊ መልከዕ ውደባ ከምቲ ገለ ገለ ወድዓዊ ኩነታት ኤርትራ ምንባብ ዘጸገሞም ውድባት ክግልጹዎ ዝፍትኑ ዘሎው ዘይኮነስ ሕቶ መዓርነት ማዕከል ዝገበረ ስለዝኾነ ንኹሉ ኤርትራዊ ከም ዝምልከቶ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ዲግብኤ ኣነጺሩ። ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ንክስቶን ክስቶን ጥራይ ከም ዝምልከቶምን ነቶም ካልኦት ብሄራት ግን ሓራምን ዘይፍትሓዊን ገይሮም ዝርድኡ ሓይሊታት ብምህላዎም ክንግረም ኣይግብኣን ዝበለ ፈጻሚት ሽማግሌ ዲግብኤ እዚ ማለት ምስ እዋኑ ዝኸይድ ዝሓሸን ዝሓየለ ውዳቤ ክረጋገጽ ይብሉን፣ ካብ እከለን እከለ ወጻኢ ካልእ ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ኣብ መሬት ኤርትራ ክንርኢ ኣይንፈቅድን ዝዓያነቱ ኣተሓሳስባ ብሉይ ኮይኑ፡ ኣነ ጥራይ ንሜዳ ኤርትራ ክብሕት ዝብል ኣተሓሳሰባ ንልዕሊ 50 ዓመታት ዝተደርፈሉን ንኤርትራን ኤርትራውያንን ዝጎደኦም ከም ዝኾነ መርሕነት ዲግብኤ ርእዩ። ኣብ ኤርትራ ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ንውሱናት ጥራይ ተዓቂኑን ተሜትሩ ዝተዋሃቦ መሰልን ጸጋን ከም ዘይኮነን መልእኽቲ ናይዚ ኣተሓሳሰባ ከአ

ኣይትወደቡ፤ ካልኦት ንከይውደቡን ዝበጽሖም ዘሎ ጭቆና፤ ዕብለላን ዓፈናን ኣሜን ኢሎም ተቀቢሎም ንክኸዱ ዝሰብኽ ምንቅስቃስ ስለዝኾነ ክውገዝ ዝግባእ ኣተሓሳሰባ ከም ዝኾነ ፈጻሚት ሽማግሌ ዲግብኤ ኣነጺሩ። ስለዚ ሕቶ መዓርነት ንኩሉ ሕብረተሰብን ብሄራት ኤርትራ ዘመልክት ስለዝኾነ ናይ ኹሎም ብሄራት ውዳቤ ንሶምን ንኦም ኣብ ዝጥዕሞም እዋንን መድረኽን ጉባኤታቶም ንክግብሩ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ጻውዒቱ ኣቅሪቡ። ደገፍኡ'ውን ለጊሱ።

<u>መስርሕ ዋዕላን ውጽኢቱን፡-</u> ወከልቲ ዲግብኤ ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዝተጻወቱዎ ተራን ኣብ መስርሕ ምስንዳእ ዝርኤ ዝነበረ ሓርጎጽጎጻት ባይታ ሒዞም ናብ መዛዘሚን መዕለቢ ምዕራፍ ንክበጽሑ ኣብ ዝግበር ጻዕርን ተዓጻጻፍነት እጃሞም ቀሊል ከም ዘይነበረን ኣብ ወሰንቲ ጉዳያት ምስ ካልኦት ውድባትን ተሓጋገዝቲን ብምትሕብባር መስርሕ ሓገራዊ ዋዕላ ንክዕወት ረዚን ድፍኢት ገይሮም እዮም። ኣብዚ መስርሕ ከም ዕሽል ግንባር ዝጻወቶ ግደ ኣብ ውጽኢት ናይቲ ዋዕላ ከም ዝንጸባረቀን ኣብ መድረኽ ሃገራዊ ዋዕላ ሕቶ ብሄር ከም ሃገራዊ ዛዕባ ናይ ኣተሓሳሰባ ልዕሊናን ኣቃልቦ ከም ዝረኸበ ፈጻሚት መርሕነት ዲግብኤ ኣስሚሩሉ። ካብዚ ሓቂ ንምርሓቅን ነዚ ሓቂ ንምድብዛዝ ገለ ገለ ውድባት ኣብ ልዕሊ ደምዳሚ ኣዋጅ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዘርእዩዎ ዘሎው ጥልመት ዝሕዝን እንተኾነ'ውን ዲግብኤ ከም ዲሞክራሲያዊ ግንባር ርእይቶን ውሳኔ ህዝቢ ሎሚ፤ ጽባሕ ኮነ ኣብ መጻኢ ብዘይ ምሕንጋድ የኽብርን ይቅበልን እዩ። ኣዋጅ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ክሳብ ምግንጻል ዝብል ሓረግ ዘይብሉ ክነሱ፤ ኣዋጅ ሃገራዊ ዋዕላ ዋኒን ናይ ዋዕለኛ'ምበር ናይ ዝኾነ ውድብ ኮነ ግንባር ከም ዘይኮነ እንዳተፈልጠ ድምጽን ውሳኔ ህዝቢን ዋዕላኛ ብምጉምጻጽን፤ ብምጥዋይን፤ ምስ ህላዌ ናይ ብሄር ውድባት ብምትእስሳር ኣብ ልዕሊ'ዚ ኣዋጅ ኣሉታዊ ወፍሪ ምክያድ ኽብሪ ተሳታፋይ ዝትንክፍን ንውሳኔታትን እማማት ዋዕላ ዝሓሲ ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣብ ኣረጊት ፖለቲካ ኤርትራ ዝሰረተ ኣተሓሳሰባ ከም ዝኾነ ፈጻሚት ኮሚቴ ተገንዚቡ። መንቀሊ ናይዚ ዘይቅዱስ ኣተሓሳሰባ ከአ ኣቀዲሙ ከም ተገልጸ ሕቶ ብሄር ኮነ መልክዕ ውዳብኡ ኣብ ሓቅን ህዝባዊ ዝኾነ ባይታ ዝሰረተ ብምንባሩ ኣብዚ ዋዕላ ብመብዛሓቲኡ ዋዕለኛ ዲሞክራሲያዊ ሕቶ ስለዝኾነ ፍታሕን ሚዛን ክዋሃቦ ይግባእ ስለተባህለን ልዑል ተቀባልነት ስለ ዝረኸበ እዩ። ዲግብኤ ከም ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኣቀዲሙ ከም ዝጠቀሶ ብውሳኔ ህዝቢ ይቕየድን ይምእዘዝን። ኣዋጅ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ምስ ኹሉ ትሕዝቶኡ የኽብር ኣብ ጎኒኡ ከአ ደው ይብልን ይጣበቅን። ምስ ሙሉእ ትሕዝቶን መንፈስ ናይዚ ኣዋጅ ምስ ዝቅበሉን ዘኽብሩ ሓይሊታት ከኣ ማይን ጻባን ኮይኑ ከም ዝቅጽል ፈጻሚት ኮሚቴ ዲግብኤ ደጊሙ ኣነጺሩ።

<u>ሃገራዊ ጉባኤን ምድላዋቱን፡-</u> ዲግብኤ ከም ኣካል ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ሕጂ'ዉን ንኮሚሽን ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣፍልጦ ብምሃብን ብምኽባር፤ ንምስልሳሉ ካብዚ ግንባር ዝጥለብ ኹሉ ከም ዘብርክት ፈጻሚት ናይዚ ግንባር ቃል ኣቲዩ። መደብ ናይዚ ኮሚሽን ከአ እንኮን ሓደን ኮይኑ ምርግጋጽ ሃገራዊ ጉባኤ ከም ዝኾነን ብሽም ዋዕላታት ዝግበር ዘሎ ጉያ ሚዛንን ትሕዝቶ ዋዕላ ዘፎኩስ ስለዝኾነ ድግብኤ ሜኑ ናይ ዋዕላታት ክርኢ ሕጉስ ከም ዘይኮነ ብምንጻር ኹሎም ተቃወምቲ ሓይሊታት ኣብ ምስልሳል ሃገራዊ ጉባኤ ንከድህቡ ጸዊዑ። ኣብ መወዳእታ ፈጻሚት ኣካል ዲግብኤ ናይ ሰለስተ ወርሒ መድብ ዕዮ ብምቅራጽ፤ ኣገዳስቲ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ብምሕላፍን መዓልቲ ኣኼባ ማእከላይ ኮሚቴ ብምቁራጽ ርክብኡ ብሰላም ደምዲሙ።

ብሄራዊ መልክዕ ውዳቤና ዋሕስ መሰላትናን ህለዌናን!!

ዲግብኤ 06-09-2010